## ትግራይ ኣብነ ታዊ ሜሕ ፖለቲካዊ

## ብቕዓት፡ ህዝባዊ ሕራነ ን ዓወትን።

ህርኩት ህዝቢ ትግራይ፡ ቅድምክብል ብሰንኪ ብቁዕ ሜሕ ፖለቲካዊ ውድብ ዘይምርካብ፡ ንዓሙታት ዘይኮነ ንዘመናት ብዝተፈላለዩ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ገዛእቲ ሓይልታት፡ ውሽጣዊ ሓድነ ቱ ተዘሪጉ፡ ቁጠባዊ ምንጪታቱ ተመንዚዑ ብለባሙናብ ዓሻ ተቖጺሩ ርእሱ ኣድኒኑ፡ ገዛእ ርእሱ ማሊሉ ዘይኮነ ተማሳሲሉ ክሓድር ተፈሪዱ ጸኒሑ። ድሕረትን ድኽነ ትን ካብ ምቁጽጻር ውዲ-ሰብ ወጻኢ ዘይኮነ፡ ብትምህርትን ስራሕን ዝምክት ጠንቂ ምፅባሌ ክንሱ፡ ኣብ ትግራይ ግን ፈጺሙብዓቕሚውዲ-ሰብ ዘይብዳህ ብመንፈሳዊ ሓይሊ ወይ ብሞገ ምከም ዝመጽአ ክሳብ ዝማስል፡ ህዝቢ ዕድለዩ ኢሉ ክቕበሎን ተሰኪምዎ ክነ ብር ተፈሪዱ። ኣቦ ድሕረትን ድኽነ ትን ዘይህዝባዊ፡ ዘይደሞክራስያዊ፡ ዘይቅዋማዊ ኣድላዊ ጸረ-ህዝቢ ፖለቲካዊ ስርዓተ ምሕደራ'ዩ።

ህዝቢ ትግራይ ብድሕረትን ድኽነ ትን ተኣሲሩ ይነ ብር ከምዘሎ፡ ጠንቂ ድማኣብበብሙድረኹ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተቖጻጸሩ ገዛእቲ ሓይልታት ምዃኖም ይፈልጥ ነ ይሩ። ኣፍልጦ ስለ ዝነ በሮ ድማብዝተወደበን ዘይተወደበን ኣገባብ፡ እምቢ ኣይግዛእን፣ እምቢ ንዘይፍትሓዊ ግብሪ፣ እምቢ ንኣድላዊ ፖለቲካዊ ምሕደራ ዝብል ድምጺ የስምዕ ነ ይሩ። ገለ ተበዓት ድማ ካብ ውሽጡብሜልክዕ ሽፍትነ ት ብረት ሒዞ ምበረኻ ወጺኦ ምተቓውሞኦ ምይገ ልጹ ከምዝነ በሩ ጸሓፍቲ ታሪኽ የረጋግጹ። ናይ ቀረባ ኣፍልጦ ዝነ በሮምሰብ ጸጋ ዕድሙውን የዘንትው። እዚ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ጨፍለቕቲ ገዛእቲ ሓይልታት ብፍሉይ ንድሕረትን ድኽነ ትን ተሳጢሑ ትሕቲ ህልዋት፡ ልዕሊ ምውታት ኢልካ ክግለጽ ኣብ ዝኽእል ከርፋሕ ህይወት የሕልፍ ከምዝነ በረ፡ ካብ'ዚ ንምውጻእ ክሳብ'ቲ ኣብ ፖለቲካ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ፍሉይን ፍሩይን በታዘለዎ፡ ዘይዕውት ግን ከኣ፡ ኣወንታዊ ማስረት ኣንጺፉ ዝሓለፈ ቀዳማይ ወያነ ኣንጻር ማስፍናዊ ስርዓት ተቓሊሱ።

ናይ እምቢታ ድምጹ የስምዕ፡ ብሜልክዕ ሽፍትነ ት በረኻ ብዝወጽኡ ውሑዳት ተባዓት ደቁ ኣቢሉ ዘይዕግበቱ ይገ ልጽ 'ምበር፡ ንጉስ ሃ/ስላሴ ብግዳማዊ ሓይሊ ንግስነ ት እንግሊዝ ተደጊፉ ንቀዳማይ ወያነ ክሳብ ዝሃረሞ ግዜ፡ ከም ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ህይወቱ ካብ ዝቐደመ ዝገ ደደ እንተዘይኮይኑ ዝሓሸ ማ ባብሮ ክርኢ ኣይከኣለን። ለባም ክንሱ፡ ጸላኢኡን ፈታዊኡን ፈላልዩ ከምዘይፈልጥናይ ፖለቲካዊ በሃምተቖጺሩ፡ ኣብገዛእ ሜሬቱ ብጉልበቱ ዘፍረዮ ምሩጽ ኣዝርእትን ኣትክልትን፣ ካብ እንስሳ ዝረኽቦ ማር፡ ጠስምን ስብሕትን፣ ኮታ ብገንዘብን ብዓይነ ትን ንማሳፍንቲ ሚኒንንትን ሽሞኛታትን ብቀጻሊ ይግብር ነ ይሩ። ዓሉ ውዱ፡ ሰብኣዩ ሰበይቱ ኣብ ዝተኣዘዞ እናኸደ ብቀስሙ የገ ልግል ነ ይሩ። እቲ ዘመን'ቲ ፈጺሙዘይርሳዕ ዘማ ሕሱም ቃንዛን እህህታን ምንበሩ ኣብ ማዛግብቲ ታሪኽ ተሰኒዱ ይርከብ።

ነ ቲ ገዛእቲ ኮነ ኢሎም ዝፈጠርዎ ሕሱም ድሕረትን ድኽነ ትን፣ ንምውጋድ፡ ኣብ በበይኑ ኣጋጣሚታት ክሳብ ውዲታዊ ማጥቃዕትን ፍሽለትን ቀዳማይ ወያነ፡ ብዝተወደበን ዘይተወደበን ዝካየድ ዝነ በረ ቃልሲ ኣይተዓወተን። ስለምንታይ? ብቑዕ ቀላሲ ፖለቲካዊ

ሓይሊ ስለ ዝሰኣነ። ነዚ ናይ እምቢታ፡ ውድቀትን ውሽጣዊ ሕራነን ቃልሲ ከም መወከሲ ተጠቒሙ ብግዝያዊ ስምዒት ዘይኮነ፡ ብህዱእ መንፈስ፡ ሓቀኛ ህዝባዊ ባህሪ፡ ንጹር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፡ ማሕበራዊ ውግንና፡ ማሰረታውያን ጸላእቱን ተጻባእቱን ኣለልዩን፣ ንኹሉ ብደሆታት ብጽንዓትን ጥበብን ሓሊፉ ኣብ ዓወት ከም ዝበጽሕ ብነዊሕ ዝኣሙት ምትእኽኻብ ተጀሚሩ፡፡ ኣብ ሕቑ`ፊ ጸላኢ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨሪሲቲ፡ ብማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ (ማገብት) ብሓሳብ ተጠኒሱ። ብ11 ለካቲት 1975 ብህወሓት ኣብ ደደቢት ተወሊዱ። እዚ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንሓርነት፡ ንድሕሪት ብዘይምላስ ሜላክዑ ፍናኑ ከይዘሓለ ቀጺሉ። ናይ ዘመናት ሰንሰላታዊ መግዛእታዊ ኣርዑት ድማ ብናይ 17 ዓመት ኣላሽ ዘይብል ደማዊ ብረታዊ ቃልሲ ስዒሩ ማስስ ኢሉ፡ ኣብ መድረኽ ወጺኡ።

ኣብ ናይ 17 ዓመት ደማዊ ብረታዊ ቃልሲ ናይ ኣሽሓት ኣዋልድን ኣወዳትን ዕድመንእስነት ካብ ኩሉ ዉልቃዊ ማሕበራዊ ድሌታትን ዕድላትን ንስለ ክብረት ማሰረታዊ ሓርነታዊ ማሳል ህዝቢ ክበሃል ማስዋእቲ ተኸፊሉ። ህጻናት ብቕረባ ፍቕርን ክንክንን ወለዲ ካይረኸቡ ዘኽቲሞም ክዓብዩ ኮይኖም፡ ብዕድመ ዝደፍኡ ወለዲ ናባይ ስኢኖም ዘይምኩል ማኪሎም ኣስቆንቀኖም፡ ወሲኖም በረኻ ዝወጽኡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ደቂ-ህዝቢ ብኽብሪ ተሰዊኦም፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ከኣ ክቡር ኣካሎም ገቢሮም፡ ምሉእ ኣካልን ኣእምሮን ሒዞም ወፊሮም ብሰንኪ ውግእ ጎደሎ ኣካልን ዝተዛበዐ ኣእምሮን ሒዞም ተማሊሶም፡ እዚ ኩለ-መዳያዊ ማስዋእቲ ብኣስገዳድ ኣይኮነን። ብንቕሓት ብመን ሕራይ ዝተፈጸመዩ። ንዘመናት ብውረድ ተዋረድ ብምቅብባል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝበጽሕ ዝነበረ ደርባውን ብሄራውን ዓፈና ዳግም ከም ዘይምላስ ሓንሳእ ንሓዋሩን መኸተምታ ንምግባር ዝተኸፈለ ክቡር ዋጋ። ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም ብዘይ ስኽፍታ ብእፎይታ ብማስተርሆት ንምንባር ዝተኸፈለ ስለ ዝኾነ ከኣ ህዝቢ ትግራይ፡ ብምቅላሱን ክቡር ማስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ብምኽፋሉን ክጠዓስ ኣይተሰምዐን። ምስ'ቲ ኩሉ ኣብ ኣፈጻጽማ ዘጋጥምዝነበረ ሓላፍ ዘላፍ ምምሕደራዊ ጎደሎታት፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ፡ ተጻዋርነቱ፡ ናይ ዕላማንጹርነቱ፡ ክቡር ማስዋእቱን ኣብ ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ከም ሃገር ብኢትዮጵያ ደረጃ ሰላም ደሞክራሲ፡ ልምዓት፡ ቅዋማዊ ስርዓት ክውን ክኸውን ብምግባር ዘይድምሰስ ድሙቕ ታሪኽ ሰሪሑ። ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ ሓድሽን ብውጹዓት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ቅቡል ዝኾነ ፖለቲካዊ ምዕራፍ ከፊቱ።

ኣብ'ቲ በሃልቲ ዝብልዎ ግን ጭቡጥ ሚዳእታ ዘይብሉ ናይ 3 ሽሕ ናይ ሃገርነትን መንግስነትን ታሪኽ፡ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ፡ ኣብ መንጎ'ቶምነታ ሃገር ዘቖሙ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ፍቶታዊ ሜዕርነታዊ ሓድነት ዝብል ፖለቲካዊ ቋንቋ ኣተኣታትዩ። ኣሃዳዊ ዉልቀ ማላኺ ኣተሓሳስባን ምሕደራን ቀቢሩ፡ ህዝባዊ ቅዋማዊ ፈደራላዊ ስርዓተ ምሕደራ ተኺሉ። ዝተረስዑን ዝተገፍዑን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ገዛእ ርእሶም ማኪሎም ባዕሎም ንባዕሎም ክማሓደሩ፡ ናትና ኢሎም ብዝተኣማመንሉ ቅዋምን መራሕትን ክማሓደሩ ገይሩ። ብደማዊ ኩናት ሕድሕድን ዓጸቦን ትፍለጥዝነበረ ኢትዮጵያ ክፉእ ስማን ሜላከዓን ኣብ ምቕያር ናቱ ኣወንታዊ ታሪኽ ተጻዊቱ። በሜራርሓ ህወሓት/ኢህወደግ ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓሙታት ደላዩ ሰላምማሕበረ-ሰብ ዓለምዝምስክሮ፡ ውሽጣዊ ሰላማብዘተኣማምን ኣውሒሶ፡ ሰላምካልኦት ኣብ ምውሓስ ብሓሳብን ብተግባርን ትዋሳእ ዘይትስገር ሃገር ኮይና። ኣብ'ዛ

ሱር ዝሰደደ ድኽነት ዘለዋ ሃገረ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብተኣምር ዝግለጽ ማሕበረ ቁጠባዊ ዕቤት ተመዝጊቡ። ምሁራት ስነ-ቁጠባን ዝምልከቶም ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብዝሃብዎ ወጽኢት መጽናዕታዊ ጸብጻብ ምዝኾነ መግለጺታት ማስረት፡ ንልዕሊ 10 ዓመት ብዘይምቁራጽ ብክልተ ኣሃዝ ልምዓታዊ ዕቤት ኣርእያ።

ዝኾነ ሰብ ብዓይኑ ዝሪኦ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ጽርጊያ፣ ከምጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ስፖርታዊ ሜዳ ዝኣማስለ ማሕበራዊ ትካላት፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ መብራህቲ፡ ስልኪ ክሳብ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ክዝርጋሕ ተጀሚሩ። ንግድን ወፍርን ዓምቢቡ። ትካላት ገንዘብ ማለት ባንክ ኣስፋሕፊሖ። ዝተፈላለየ ደረጃን ኣገልግሎትን ዘለዎም ህንጻታት ከምኣብ ገደና ዝበቁል ማዘርባዕ ብዘይ ምቁራጽ ከጉላዕልዕ ተራእዩ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ካብ መዓመቕ ድኽነት ጥሮታ ወጺኦም። ኣብ ደረጃ ማእከላይ እቶት ተሰሪዖም። እዚ ብሳላ ናይ 17 ዓመት ቃልስን ማስዋእትን ዝተረኽበ፡ ምዕቡል ህዝባውን ደሞክራስያውን ኣተሓሳስባን ትሕተ ቅርጻዊ ልምዓታዊ ገስጋስን 'ዩ። ናይ ትማሊ ቦታኦም እናዘከሩ ዘባሁቑ ተረፍ ሚሪፍ ገዛእቲ ደርብታትን ሕልና ኣልቦ ከሓድትን 27 ዓመት “ናይ ጸልማት ግዜ ነይሩ” ኢሎም ሓቂ ከዛብዑ 'ኳ እንተፈተኑ ክቐብርዎ ግን ከቶ ኣይከኣሎምን። ዘጊት ኣወንታዊ ታሪኽ ክድምስሱ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ንሰምዕን ንዕዘብን ኣለና ኢና። ግን ከንቱ ድኻምዩ።

ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ተበላሽዩ ዝነበረ ስምን ሜልክዕ ኢትዮጵያን ዝተቐየረሉ፡ ውጹዓትን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን እዛ ሃገር ተማስገን ከምሰብ ተቖጺርና ዝበልሉ፡ ሓድሽ ወለዶን ደላዪ ሰላምማሕበረ-ሰብ ዓለምዝማስክሮ፡ እቲ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋም፡ እቲ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት፡ እቲ ትሕተ ባይታዊ መደባት ልምዓት፡ ኣብ ናይ መንግስቲ ፖለቲካዊ ስልጣን፣ ካበይ ክሳብ ኣበይ ዝነበረ ዓመታት (መድረኽ) ከም ዝነበረ ብጽሑፍ፡ ብድምጺ፡ ብምስሊ ዝተሰነደ ስለ ዝኾነ፡ ከምቲ ከሓድቲ ዝብልዎን ዝደልይዎን ብቐሊሉ ኣይድምሰስን። ነዚ ኣብ ትሕተ ቅርጻዊ መደባት ልምዓት ዝተራኣየ ኣወንታዊ ገስጋስ ዝፈጠረ ልዕለ ቅርጻ ማለት፡ ህዝባዊ ደርባዊ ባህሪ፡ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ብቕዓት ኣመራርሓ፡ ጸላእትን ፈተውትን ብኣካል ዘይኮነ ብፕሮግራም በተሓሳስባ ዝመዝን ዝፈሊ ንቕሓትን ሕራነን ህዝቢ ብምኳኑ ድማ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ክሕበን ይግባእ። 27 ዓመት ናይ ክሳራ ዓመታት ኣይኮነን። ብውሕዱ ማስረት ሰብኣዊ ክብረትን ትሕተ ቅርጻውን ልምዓት ተቐሪጹ፡ ተዘሪኡ፡ ፍረ ክህብ ዝጀመረሉ ናይ ተስፋን ብርሃንን ዓመታት ስለ ዝነበረ ክብሪ ናይ'ቲ ድኻምን ማስዋእትን ደቂ ህዝቢ ህያው ኮይኑ ብኣወንታ እናተዘከረ ክነብር 'ዩ።

ኣብ'ዚ ግን ሓደ ዘይከሓድ ሓቂ ኣሎ። ፖለቲካዊ ብቕዓት ኣመራርሓ፡ ህዝባውነት፡ ጽንዓት፡ ተወፋይነት ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ቅድሚ1991 ዝነበረን ድሕሪኡ ዝተራእየን ሓደ ኣይነበረን። ኣብ በረኻ እንከሎ ሓያል ነይሩ። መንግስታዊ ስልጣን ምስ ሓዘ ግን ዘይነበረ ባህርን ድኽመትን ከርኢ ጀሚሩ። እቲ ማለይ ህወሓት ዝነበረ ህዝባውነት ቀስብ ብቐስ ክልሕልሕ ተራእዩ። ነፍሰ ፍትወት ሳዕሪሩ። እዚ ዘይንቡር ፖለቲካዊ ዘልሓጥሓጥ'ዚ ቅድሚ ማስዋእቲ ተጋ/ማለስ ምልክታት ከርኢ ጀሚሩ ነይሩ። ድሕሪ ማስዋእቱ ግን ብኢሱ። ቀዳዳት በዚሑ። ፍሑኽ እናበለ ሳዕሪሩ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኑ። ዋሕስ ውጹዓት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዝኾነ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋምን ፈደራላዊ

ደሞክራስያዊ ስርዓትን ንሓደጋ ተቓሊዑ። ኣንጻሩ ዝኾኑ ሓይልታት ትምክሕትን በለጽን ሜዳ ወቲ ሜዳ ተፈጢርሎም። ከም ዋና ዘይብላ ኣድጊ ዝረኸቡ ዕስለ ኣዛብእ በብማንገዶም ክምጅር ጡዕድል ረኺቦም።

ብርእይቶይ ኣብ'ዚ ኣጋጢሙዘሎ ፖለቲካዊ ውድቀት ኣሜራርሓ ህወሓት ናቱ ብጽሒት ኣለዎ። ብሸርሕን ብሓይልን ትምክሕተኛታትን ናይ ውሽጢ ውዲተኛታትን ጥራሕ ስለ ዝተደፍኣ ኣይኮነን ኣብ'ዚ ሕጂ ዝርከበሉ ወሪዱ። ብወሳኒ ሜላክዑ ብናቱ ሕመቕ ኣብ ውሽጢፖለቲካዊ ሜሪሕነቱ ብዝሜዕበለ ኣሉታዊ ባህሪ ዝተፈጥረ'ዩ። ምኽንያቱ ፖለቲካዊ ሜሪሕነት ህወሓት ህዝባውነቱ ዓቂቡ፡ ውሽጣዊ ሓድነቱ ብበሊሕ ደሞክራስያዊ ቃልሲ እናሜሓደረ ብተወፋይነት እናተዝዋሳእ ነይሩ፡ እቲ ቅኑዕ ህዝባዊ ቅዋም፡ ህዝባዊ ፈደራላዊ ስርዓት፡ ስትራተጂ፡ ፖሊስን ስልትን ህዝባዊ ተቐባልነት ስለ ዝነበሮ ብቐሊል ኣይምፈረሰን ነይሩ። ፖለቲካዊ ሜሪሕነት ህወሓት-ኢህወደግ ስለ ዝሓሜመ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ሓደጋ ኣጋጢሙ፡ ህወሓት ኣብፈደራላዊ ማንግስቲ ካብ ዝነበሮ ወሳኒ ቦታ ተደፊኡ ናብ ወሰን ወጺኡ። ኢህወደግ ፈሪሱ ታሪኽ ኮይኑ። ህዝባዊ ቅዋምን ቋንቋ ማስረት ዝገበረ ፈደራላዊ ስርዓትን ዓሳ ስኢኑ። ብስነ-ማት ሓይሊ ይህደድ፡ ይሸራረፍን ናብዘይህላወየ ምርሕኣሎን።

እንተኾነ ግን፡ ከምቲ "ክምበል በለ 'ማበር ኣይተኻዕወን" ዝበሃል ምስላ፡ ንህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋምን ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓትን ልዕሊ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድባትን ክልላዊ ማንግስታትን ኢትዮጵያ፡ ኩለንተናዊ ማስዋእቲ ዝኸፈለ፡ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ከምቶምተስፋ ቆሪጾምብሓደ ጽፍዒት ውድባቶምን ክልላዊ ማንግስታቶም ዘፍረሱ፡ ተስፋ ቆሪጹ ኢዱ ኣይሃበን። ንዘጋጠመ ፖለቲካዊ ውድቀት ጠንቅን ሳዕቤንን ከለልን ኣለልዩ ንምፍዋስን ሜደብ ኣውጺኡ። 37 ሜዓልታት ዝወሰደ ውድባዊ ገምጋምገ ይሩ። ንህዝቢ ዘቐየመ ግዕዝይና፡ ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር፡ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ካብ ዝለዓለ ፈጻሚኣካሉ ጀሜሩ ርኡይ ጉድለት ከም ዝነበሮ ሚኒኑ፡፡ ብስቢስና ነይርና ክብል ኣሚኑ፡ ብወግዒ ንህዝቢ ሓቢሩ። ንዝተፈጸመጉድለት ከምውድብ ይቕሬታ ሓቲቱ። ዝነበሮ ጉድለት ኣሪሙ ብሓድሽ ማንፈስ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ማስሙሩ፡ ፖሊሲ ልምዓታዊ ማንግስቲ፡ ህዝባዊ ቅዋምን ፈደራላዊ ስርዓትን ሒዝና ክንቅጽል ኣለና ዝብል ሚገጽ ሒዙ ብዳገሙ ስርርዕ ተበጊሱ። ዝሰርሕ ይዕንቀፍ'ዩ። ገለ ዕንቅፋት ብንኡስ ጉድለት ትወጽኣሉ'ዩ። ገለ ኸኣ ካብነባሪ ስምብራት ክሳብ ጠቕሊልካ ሞት ዘብጽሕ'ዩ።

ንህወሓት ዝገጠሞፖለቲካዊ ዕንቅፋት ሓቂ ንምዝራብ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ማንጎ ሞትን ሕየትን ፈታኒ ኩነታት ዘውድቕ ዕንቅፋት'ዩ። ሳላ'ቲ ኣቐዲሙዝወነ ኖ ህዝባዊ ኒሕ፡ ገለ ምስ ኣጋጠማ ቅድምቀዳድምብዘይ ንሓፍነት ውሽጥኻ ምርኣይ ምግምጋምስሩት ፖለቲካዊ ባህሊ ንሞት ኢዱ ክህብ ኣይፈቐደን። ብውሕሉል ኣገባብ ኣብ ህዝባዊ ማስሙሩ ጸኒዑ ዳግም ህይወት ዘሪኡ። ናብ ማሕበራዊ ማስረቱ ዝኾነ ህዝቢ ወሪዱ። ፖለቲካዊ ልዝብ ኣካይዱ። ጌጋ ተፈጺሙኣሎግን ከኣ ሜድሕን ህላዌናን ቀጻልነትናን ውድብ ህወሓትን ህዝባዊ ማስሙሩን'ዩ ኣብ ዝብል ሓባራዊ ምርድዳእ በጺሑ። ምስ'ቲ ዘጋጠሞ ዝተወደበ ፖለቲካዊ ጸለማ ስቪል ህዝብን ትካላትን ትግራይ ማስረት ዝገበረ ሜቕተልትን ዕንወትን ስኑ ነኺሱ ሚኪቱ። እዚ

ንህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ሓበን'ዩ። ንብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኢትዮጵያን ዓቢ ትምህርቲ'ዩ።

ብፍላይ ካብ መፋርቕ ዓመተ 2018 ንደሓር ውልቀ ማላኺ ኢሳያስ ንጻውዒት ሰላም ኢህወደግ ተቐቢለዮ ኣለኹ ካብ ዝበለሉ፡ ወግዓውነትን ሕጋውነትን ብዘይብሉ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣስታት ን20 ዓመት ብዶብ (ሜሬት) ይግባኣኒ ተጎልቢቡ ሓርፊፉ ዝጸንሐ ዝምድና ንምፍታሕ ግዳማውያን ሓይልታት ዝዘውርዎን ዘሳስይዎን ስምምዕ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣተን ሃገራትን ስርዓታትን ዘይኮነ ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ጥዕና ዘይብሉ ዝምድና፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዘጋጠመበትን በትን ቀርቂርካ ካብ ጸዋታ ወጻኢ ናይ ምግባር ዓይነተ ብዙሕ ተጻብኦ ቀሊል ኣይነበረን። ኩሉ ትግረዋይ ደልዲሉ ከይረግጽ ንህይወቱ ክሰግእ፡ ክሸማቐቕ፡ ርእሱ ኣድኒኑ ተማሳሲሉ ክነብር፡ ደኺሙ ርሂጹ ዘጥረዮ ትካላት ብስርቂ ከም ዘጥረዮ ተቐጺሩ ክውረስ ወይ ክቃጸል፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ፈደራላዊ ጽፍሒ ፖለቲካዊ ሓላፍነት ኮይኖም ከገልግሉ ዝጸንሑ ተወለድቲ ትግራይ፡ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያትን ብዘይሕጋዊ ኣገባብን ክግለፉ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ኩለን ክልላት ኣብ ውሽጢ 27 ዓመት ንዝተፈጸመ ገበን ጥሕሰት ሰብኣዊ ማሕል፡ ራስያ ንብረት ህወሓት ጥራሕ ተሓታቲ ዝገብር፡ ብዘይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሕንከት ብውግዒ ተወፊርሉ። ንህወሓት ቀቢርና ንህዝቢ ትግራይ ኣምበርኪኽናን ኢና ስልጣን ንቆጻጸር ዝብል ናይ ፈተውቲ ነብሶም ቀጻልነት ዘይብሉ ቃል ኪዳን፡ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ህጁም ኣጋጢሙ። ከምቲ ቀደም ውድብ ጥራሕ ትሞርሓሉ ኩነታት እንተዝኸውን ኣይምኸበደን። ገና ካብ ድሕረትን ድኽነትን ዘይተናገፈ ህዝቢ እናሞራሕካ ከምዚ ዝበለ ናይ ክሕደት ውዲት ከጋጥም እንከሎ ግን እቲ ሓላፍነታዊ ጾር ካብ ልክዕ ንላዕሊ ከቢድ'ዩ።

ሰባት ብፖለቲካዊ ብቕዓት ዘይኮነ ጸላእቲ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣበይ ኣለው ተደልዮም ኣብ ዘይግበኦም ወሰኒ ፖለቲካዊ ስልጣን ክድይቡ'ዩ ተገይሩ። ህዝባዊ ቅዋምን ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓትን ካብ ዝፈቐዶ ወጻኢ ብተራ ጽልኢ ብነበሎ ንበሎ ኩሉ ሓድግታት ህወሓት ኢህወደግ ንምድምሳስ ክነጥፉ ተራእዮም፡ ገና'ውን ይነጥፉ ኣለው። ትርጉምን ክብርን ህዝብን ሃገርን ኣብ ጸብጻብ ዘየእተወ ውሳኔታት ክሓላለፍ ተዓዚብና። ንኣብነት ምቛም ናይ ሰላም ኮሚሽን፣ ናይ መንነት ኮሚሽን፣ ምስግጋር ቆጸራ ህዝቢ፣ ምስግጋር 6ይ ሃገራዊ ሚረጻ፣ ግልጽነት ዘይብሉ ስምምዕ ሰላም ኢሳያስን ኢትዮጵያን፣ ስርዓት ዘይተኸተለ ጃምላዊ ምፍታሕ ኣብ ቀይዲ ዝነበሩ ዜጋታትን ምእታው ኣብ ደገ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ውድባትን፣ ኣብ ክልል ሶማል ዝተራእየ ኢድ ኣእታውነት፣ ኣብ ክልላት ደቡብ ዝተላዕለ ቅዋም ብዝሃበን ዕድል ተጠቒምና ናይ ገዛእ ርእስና ክልላዊ ምምሕዳር ክንምስርት ኢና ዝብል ሕጋዊ ሕቶን ዝተዋህቦ ጨፍላቒ ግብረ ሜልስን …ወዘተ ህወሓት ኣብ እዋኑ ቅዋምን ድሌት ህዝብን ማእከል ዘይገበረ በታንን ዓፋንን ክብል ብውግዒ ተቓዊምዎ ኮይኑ ንዎ። ንበሎ ጥራሕ ኣይሰማዕ ኣይንስመዓዮ ድማ ዝብል ሃላሊ ሓይሊ ልዕልነት ስለ ዝሓዘ ግን ኣይተሰምዐን። ተቐባልነት ኣይረኸበን።

እንተኾነ እቲ ንህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ንምንብርካኽ ዝተሓሰበ ንሃገረ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ኣብ ከቢድ ቅልውላው ኣእትይዋ። ዕንወት ንብረት ማእሰርትን ሞትን ሰባት ዳርጋ

ልሙድ ዕለታዊ ተግባር ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ንጥፈታት ነጋዶ ተገቲኡ። ቀልቢ ኣውፈርቲ ባህሪሩ። ሃገራዊ ቁጠባዊ ቅልውላውኣብ ዘይሕበኣሉ ደረጃ በጺሑ። ናህሪ ሃለኽቲ ነገራት ድኻ ብቐረባ ኣብ ዘይረኽቦ ሰማይ ዓሪጉ። ህወሓት (ወያነ) ጠፊኡልና ነጻነት ረኺብና ሓሊፉልና ማሰረት ዝገበረ ዝስማዕ ዝነበረ ናይ ታሕጓስ ሆታን ዕልልታን ደረጃ ብደረጃ ርእሱ ከድንን ተራእዩ። ገለ ቀልጢፉ ማይ ከምዝሰኣነ ኣትክልቲ ተስፋ ቆሪጹ ቀምሲሉ። ገለ ውሑድ ብማንገዲ ኣጥፊእካ ምጥፋእ ፖለቲካ ኣለኹኣይሞትኩን ነጋሪት ኩናት የስምዕ ኣሎ።

ሚሪሕነት ህወሓትን ግን ንኹሉ ምዕባሌታት ከከም ኣመጻጽኣኡ ብቐረባ እናተኸታተለን ሚርገጹ ብወግዒ ንህዝቢ እናሓበረን ኣብ ማስሙሩ ነኺሱ ቀጺሉ። ጌምኣበር ድሕሪ ደጊም ዝተርፍ ፖለቲካዊ ሕጽቦ'ዩ ዝበለ ውልቀ ማላኺ ኢሳያስ ከም ዝሓሰብናዮ ኣይከደን ኢሉ ክሳብ ዝኣምን መትከላዊ ጽንዓቱ ኣማስኪሩ። ብሰላ ቕኑዕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ማስሚርን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ኣብ ጓጓ ህዝቡ ኣትዩ ወይ ከ ፈልከት ኢሉ። ንተጻባእቱ ብሓቂ ዘይቖርጠምጥረ ኮይንዎምኣሎ። መድሓኒት ናይ'ዚ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላውብስነ-ማጎት ሓይሊ ክትፈትሖ ምፍታን ውጽኢቱ ህዝብን ሃገርን ለኪምካ ምጥፋእ'ዩ። እቲ እንኮ መዋጽኦ ንኹሎምዝምልከቶምወገናት ዘሳተፈ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ዘተን፡ ትግባረ 6ይ ሃገራዊ ሚሪጻን'ዩ ክብል'ውን ጸዊዑ። ኣይሰማዕ ኣይንስሚዓዮ ዝብል ሓይሊ፡ ሃገራዊ መትንታት ስለ ዝተቖጻጸረ ግን ተቐባልነት ኣይረኸበን። ምስ ኩሉ ካብ ኣፈጻጽማ ዝብገስ ዝነበሮ ጉድለታት፡ ብህዝባዊ ውግንናኡ፡ ብቕኑዕ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳቡ፣ ስትራተጂን ስልቱን ዝፍለጥ ን27 ዓመታት ነዛ ሃገር ዝሚርሐ ሓባራዊ ግንባር ኢህወደግ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ፈሪሱ። ብልጽግና ዝተባህለ ውድብ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ቦትኡ ተቖጻጺሩ። ፖለቲካዊ ሚሪሕነት ህወሓት ነቲ ዘይሕጋዊ ምፍራስን ምድያብን ተቓዊሙብወግዒ ነብሱ ኣግሊሉ። እዚ ክምጎስ ዘለዎ መግለጺ ፖለቲካዊ ብስለቱን ህዝባዊ መትከላዊ ጽንዓቱን'ዩ።

6ይ ሃገራዊ ሚሪጻ ኢትዮጵያ በቲ ልሙድ ናይ ግዜ ሰሌዳ ኣብ ሓምሻይ ዓመቱ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2020 ክካየድ ነይርዎ። ግን ምኽንያቱ ብዘይተነጸረ ብምርጫቦርድ እታ ሃገር ናብ ወርሒ ነሓሰ 2020 ተሰጋጊሩ። ቀጺሉ ሕጂ'ውን ብምስጢር ብውሳነ ናይ ሰልፊ ብልጽግና፡ ብወግዒ ብሚሪጻ ቦርድ ለበዳ ሕማምኮሮና (ኮቪድ 19) ምኽእ ንምኽእ ኣብ ቁጽጽር ከም ዝወዓለ ውድብ ጥዕና ዓለም ሚኒስትሪ ጥዕና ኢትዮጵያን ብወግዒ ክሳብ ዝሕብሩ ብዝብል ምስምስ ብንጹር ደረት ግዜኡ ናብ ዘይተነጸረ ደፊእዎ። ንህወሓት ሓዊስካ ብዙሓት ፖለቲካዊ ውድባት ኣይተቐበልዎን። ነዚ ሰልፊ ብልጽግና ኮነ ኢሉ ዝገበሮ'ዩ፡ ንለበዳ ሕማምኮሮና እናተቖጻጸርና ኣብ'ቲ ተታሒዝሉ ዝነበረ ወርሒ ነሓሰ ክንገብር ኣለና፡ ከምኡ እንተዘይተገይሩ ናይ'ዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይልን ክልላዊ መንግስታትን ዕድመኣብ ወርሒ ማስከረም ከብቅዕ'ዩ። ህዝብን ሃገርን ኣብ ሓደጋ ክወድቕ'ዩ ክብሉ ጸዊዖም ሰሚዒ ኣይረኸቡን። ህወሓት ግን በዚ ኣይተገትኣን።

ፈደራላዊ መንግስቲ 6ይ ሃገራዊ ሚሪጻ ንምክያድ ፍቓደኛ እንተዘይኮይኑ፡ ኣነ ብዘይ ሚሪጻ ብዘይውክልና ህዝቢ ኣብ ስልጣን ክቕጽል ኣይደልን ኣይክእልን ድማ፡ ስለዚ ብደረጃ ክልል ትግራይ ሚሪጻ ከካይድ ውዱታ ዘይኮነ ግዴታ'ዩ ኢሉ። ክልላዊ ሚሪጻ ከካይድ ፈጻሚኣካል ህወሓት ኣጽዲቕዎ። ስዒቡ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣጽዲቕዎ። ቀጺሉ ክልላዊ ባይቶ

ኣጽዲቕዎ። ነቲ ሚሪጻ ዝምልከት ሕጋዊ ኣዋጃት ወጺኡ። በቲ ኣዋጅ ማሰረት ገይሩ ዝሰርሕ ትካል ኣጣይሱ። ኣብ'ቲ ክልል ምስ ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባት ኮፍ ኢሉ ተዛትዩ። እቲ ዝተጣየሰ ኮሚሽን ሚሪጻ ናይ ፖለቲካዊ ውድባትን ውልቀ ሰባትን ዝምዝገብሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ ኣነጺሩ። ንህወሓት ሓዊሱ 5 ፖለቲካዊ ውድባትን 11 ውልቀ ሰባት ድማብወግዒ ተመዝጊቦም። ምዝገባ ሚጽቲ፡ ማስርሕ ምሪጹኒ ተወዳደርቲ ወገናትን ብዝተታሕዘሉ ግዜ ብህዱእን ዕወትን ኣገባብ ከምዝተሰላሰለ ኮሚሽን ሚሪጻ ገሊጹ። ተወዳደርቲ ውድባትን ገለ ወሃብቲ ርእይቶ ካብ ህዝብን'ውን ምስክርነቶም ሂቦም። ቅድሚ ሳልስቲ ናይ ዕለት ሚሪጻ ብ7 ማስከረም 2020 ብመንጎኝነት ኮሚሽን ሚሪጻ ወከልቲ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ከመይ ሚጺእና? እንታይ ትዕዝብቲ ኣለና? ከመይ'ከ ክንቅጽል ኣለና? ኣብ ዝብል ነጻ ሚድረኽ ከፊቶምብሓላፍነታዊ ስምዒት ዘዝስማሎምገሊጾም።

ነካይዶ ዘለና ሚሪጻ ሕጋዊ'ዩ። ታሪኻዊ'ዩ። ናይ ህዝቢ ትግራይ ሚሪጻ'ዩ። መን ይዕወት ብዘይገድስ "ትግራይ ትሚሪጽ" ዝብል ጭርሖ ተሓንጊጥና ንማሰል ዓርሰ ውሳኔና ብሓባር ደው ክንብል ኣለና። ድሕነትን ክብረትን ህዝቢ ትግራይ ቀዳምነትና ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሓባራዊ መጥመሪ ሓሳብ ዝነበሮ ሚድረኽ ምንባሩ ብማስኮት ቴሌቪዥን ተዓዚበ። ብ5 ማስከረም 2020 ባይቶ ፈደረሽን ምስጡራዊ ኣኼበ ኣካይዱ። ኣብ ትግራይ ዝካየድ ክልላዊ ሚሪጻ፡ "ከምዝይተኻየደ ዝቑጸር" "ዘይጸንዕ" ተፈጻምነት ዘይብሉን ዝብል ትሕዝቶኡ ዘይብሩህ ውሳኔ ኣሚሓላሊፉ። ብ 8 ማስከረም2020 ድማዓንጎል ሰልፊ ብልጽግና፡ "እንደ ዕድር እቁብ የሚቆጠር ነው" ( ከም' እድር፡ ዕቁብ" ዝቑጸር'ዩ።" "ጨፈቃ ቤት ነው" (ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ከምዝተስራሕ ገዛ'ዩ።) ኣብ ዝበጽሖ የብሉን። ክፈረስ'ዩ። ርእሶምምስ ዝደረቐ ሰባት ክዳረቕ ኣይደልን። ጅባኦምምስ ነጻፈ ክገድፍዎ'ዮም። እንተዝደሊ ነይረ ግን እቲ ኣለና ዝብል ሓይሊ ምልሻ ስለ ዝኾነ፡ ብዘለኒ ሓይሊ ሰብን ወተሃደራዊ ነዋትን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ምውዳእ ክዎ ኔረ ዝዓይነቱ ፈኸራ ድዩ ኣንጸርጽሮት ንምርዳኡ ዘጸግም ሚደረ ክህብ ተሰሚዑ።

"መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮ ይሚጽእ" ከምዝተባህለ፡ እቲ ከምብጽሕቲ ወርሒ ሰዓትን ዕለትን እናቆጸርኩ፡ ብሰላምብዓወት ህዝቢ ትግራይ ድማክዛዘምእናተማኹ ብሻቕሎት ዝጸበዮ ዝነበርኩ ዕለተ ሚሪጻ ኣኺሉ፡ ፡ ብዝተታሕዘሎግዜ፡ ብዕለት 9 ማስከረም2020 ካብ ሰዓት 6፡ 00 ወጋሕታ ጀሚሩ ብሰላምይካይድ ኣሎ ዝብል ዜና ተቓሊሑ። ከምኣጀማምራኡ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ ዝተራእየ ናይ ምህዋኽ ወስታ እንተዘይኮይኑ ማስርሕ ሚሪጻ ብሰላም ክካየድ ውዒሉ ሰዓት 6፡ 0 ናይ ምሽት ከምዝተዓጽወ ኮሚሽን ሚሪጻ ኣፍሊጡ። ዝተፈላለያ ኣህጉራዊ ጽልዋ ዘለወን ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ካብ ቅድመሚሪጻ ጀሚረን ንማስርሕ ሚሪጻ ብሰፊሕ ኣቃሊሐናኦ። ካብ ዝተማስረታሉ ሞያዊ ስነ ምግባር ወጻኢ ናብ ሓደ ሸነኽ ወጊነን ምርጫክካይድ የብሉን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ህወሓት ካብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ብሓይሊ ክጠፍእ ኣለዎ። ኣሸባሪ ተባሂሉ ብሕጊ ክኸሰስን ክቕየድን ኣለዎ ኢናበላ ዝጉስጉሳ ዝነበረ ብመንግስትን ብውልቅን ዝወነና ማዕከናት ዜና ውሽጢሃገር ግን ሸፋን ኣይሃባኦን። ገዛእ ርእሰን ኣብ ትዕዝብቲ ወዲቐን። መንነተን ኣቃሊዐን።

ድሕሪ ሚሂጻ ነጋዶን ሰብሃብትን ትግራይ ዘይርሳዕ ታሪኽ ሰሪሖም፡ ንኹሎምተወዳደርቲ ፖለቲካዊ ውድባት ስለቲ ዘርኣይዎ ሓላፍነታዊ ኣብነታዊ ሜሃሪ ሰላማዊ ማስርሕ ምሪጹኒን ውጽኢት ቆጸራ ካርድ ዝሃበና ክንቅበል ድልዋት ኢና ዝብል ሚሪገጽን ገንዘባዊ መተባብዒ ከምዝሃብዎም ማዕከናት ዜና እቲ ክልል ኣቃሊሐን። ብ11 ማስከረም 2020 ድማ ወግዓዊ ውጽኢት ግልጺ ተገይሩ። በቲ ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ ማሰረት፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራት (ህወሓት) 2.590.620፣ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና) 20,839፣ ውድብ ነጻነት ትግራት (ውናት) 18,479፣ ውድብ ሳልሳይ ወያነ 7,136፣ ደሞክራስያዊ ውድብ ዓሲምባ 774 ድምጺ ከምዝረኸቡ፡ ብዝተረኸበ ድምጺ ድማኩሎምዕጉባት ምኧኖምን ኮሚሽነር ኮሚሽን 6ይ ክልላዊ ሚሪጻ ትግራይ ማር ማሑወርቅ ኪ/ሚርያም ገሊጹ። ኣብ ስልጣን ዘሎ ውድብ ህወሓት ድማ 152 መናብር ብምርካብ ተዓዊቱ። 38 መናብር ኣብ’ቲ ውድድር ዝተሳተፉ ፖለቲካዊ ውድባት ብምርድዳእ ከካፈልዎ ምኧኖን’ውን ተገሊጹ። ብዝኾነ ማስርሕ ሚሪጻ ብሰላም ተዛዚሙ፡ እምነ ማሰረት ናይ ቀጻሊ ዓወት ድማ ኣንቢሩ። ህዝቢ ተሓጒሱ። ሓደ ንማሰለይ ንመንነተይ ኢሉ ዝከራኸር ዝቃለስ ንቑሕ ህዝቢ ስለ ዝረኣኹ ድማ ኣነ’ውን ተሓጒሰ።

ሓቂ ንምዝራብ ጸሎተይን ትጽቢተይን ብሰላም ብዓወት ክዛዘም ምርኣይ ይኹን ‘ምባር፡ ብከምዚ ዓይነት ማሰረታዊ ጸገም ብዘይብሉ ክዛዘሞ ዝብል ትጽቢት ኣይነበረን፡፡ እቲ ዝኾነ ምስ ኮነ ግን ተሓጒሰ ጥራሕ ዘይኮነ ተገሪሙ፡ ኣብ ጎረቤተይ፡ ብቋንቋይ፡ ብባህለይ፡ ኣብ ተማሳሲሊ ድሕረትን ድኽነትን ካብ ዝርከብ ህዝቢ ከምዚ ዝበለ ፖለቲካዊ ብስለት ምርኣይ ኣዝዩ ዝድንቕ’ዩ፡፡ ንሓደ ተቓላሰይ ህዝቢ ሚሪሕ ደሞክራስያዊ ውድብ ምርካብን ዘይምርካብን ዘለዎ ትርጉምተገንዚበ ንህወሓት ኣድኒቐ። ንጉጅለ ህግደፍ ድማ ኮኒነ። ትግረዎት ኣሕዋተይ ነቲ ኩሉ ፈኸራን ተጻብኦን ሚኪቶምከምዚ ዝበለ ኣንጸባራቒ ዓወት ምሕፋሶም ብልቢ ተሓጒሰ። ብናይ ትግራይ ውድባት ፖለቲካዊ ብቕዓትን ናይ ህዝቢ ትግራይ ዘዋጽኦ ፖለቲካዊ ማስሚር ዝወነነ ንቕሓት ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩኒ። እንቋዕ ኣብ’ዚ ደረጃ በጽሑ ድማ ኢለ። ኣብ መዳይ ሚሪጻ ዘርኣይዎ ፖለቲካዊ ብቕዓትን ሓድነትን ኣብ ልምዓት ክደግምዎ ኸኣ ተሚየ። ኣብ ነጻላ መንደቓምዝርከብ ኤርትራዊ ብምኧነይ ድማ ተዘሪጉ ብዘሎ ፖለቲካን ኣብ መዓልታዊ ነገራት ሕድሕዶም ክመናጩ ዝውዕሉ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራን ሓዚነ። ቅድሚኤርትራዊ ሰብኣዊ ክብረት ንግኡዝ ሜሬት ክብሪ ካብ ዝህብ ኣረኣእያ ክድሕኑ፡ ናይ ኩሉ ጸገምና ወያነ ዝብል ናይ ደንቆሮ ፖለቲካ ወጺኦም ህዝብን ህዝባዊ ልኡላውነትን ማለት እንታይ ማለት’ዩ? ህዝባዊ ደርባዊ ባህሪ ማለት እንታይ ማለት’ዩ? ንጹር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ማስሚር ማለት እንታይ ማለት’ዩ? ኣብ ዝብል ከትኩሩን ኣጉል ትዕቢት ገዲፎም ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ካብ ዝኸድዎን ዘመዝገብዎን ዓወት ትምህርቲ ክወስዱን ድማ እላበ። ንህዝቢ ትግራይ ንስለቲ ዘደንቕ ፖለቲካዊ ንቕሓቱን ሕራኔ ንኡ ደጊመዮሃና እብሎ።

**ካብ ኣሮን በርሀ**

11 ማስከረም2020